# ናይ ካልእ`ሲ ካልእ !

**ብኣወልኬር ዓብደልሓፊዝ**

ናይ ካልእ`ሲ ካልእ፡ግና ኣብ ከም በዓል ሆላንዳ፡ኖርወይ ኣውስትራልያ፥ብርጣንያ፡ ስወስራ፡ካናዳ ወዘተ .... ዘኣምሰላ ሃገራት እናተቀመጥካ እንታይነት ደሞክራስን መሰል ወዲ-ሰብን ማለት እንታይ ማለት ምኺኑ ዘይምርዳእን ብማዕረ`ዚ ኸኣ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት "ምልኪ እንኮ" ስርዓት ምኺኑ ምኽሓድን

ዋዛ እንተኾይኑ፡ ዘየስሕቅ።

ዘይምፍላጥ እንተኾይኑ ዘሕዝን።
ፖለቲካ እንተኾይኑ፡ኢደ እግሪ ዘይብሉ ።
ወገንነት እንተኾይኑኸኣ ዓጽሚ ዝሰብር`ዩ ።

በለጽ እንተኾይኑ ግና ቁቡል` ዩ ጥራሕ ዘይኮነሰ ኣብ ከምዚ ኩነታት ኣባጉምባሕ ዛግራ ዘይኮነሉ ምኽንያት የለን፡ይብላዕ`ዩ !! ከምሻሙ።

ሐደ መዓልቲ ናብ ሐደ ገዛ ክበጽሕ ኢለ ኸይደ ። እቶም ዓበይቲ እናኣዕለልና ሓደ ገና ካብ ደንደስ ህጻናት፡ናብ ደንደስ መንእሰያት ክሳገር፡ሎሚ ጽባሕ ዝብል መንእሰይ ብጽሞና ንዕላልና ክከታተል እንኮሎ ርእየ፡ሰማዒ ጥራሕ ክኸውን ደስ ስለዘይበለኒን ኣብ ናይ መንእሰይ ብኣጋ ናይ ተሳታፍነት ልምዲ ምሕዳር ኣገዳስነት ካብ ዘሎኒ እምነት ብምንቃልን ምስ ደቀይ`ውን ከምኡ መንገዲ ስለዝጥቀምን ከዛርቦ ኢለ፡ሰማዕ`ባ ንኤርትራ ክትከይድ ትሓስብ` ዶ ? ኢለ ምስ ሐተትኩዎ፡እዚ ኣብ ስደት ተወሊዱ ዝዓበየ ቆልዓ ከይደንጎየ " ንኤርትራ ከይደ ነይሬ ሪኤያ ኢየ፡ኣብኡ ክትቅመጥ ትደሊ`ዶ ማለትካ እንተኾይኑ ግና ኣይደልን ኢየ " ምስ በለ ከይደንጎኹ ከም ዋዛ ዝዓይነቱ ገይረ፡ኣጆኻ ካብ ሳዋ ፈሪሕካ እንተኾይንካ፡ሳዋ ክተርፍ`ዩ ይበሃል ኣሎ ምስ በልኩዎ፡ቀድም ፍሽኽ ኢሉ፡ ......(ንቀድም ፍሽኽ ምባሉ፡ኣይተረዳኣንን ግና " ኣተሓሳስባኻ ፎኪስ`ዩ እቲ ጉዳይ ካብኡ ዝዓቢ`ዩ " ማለቱ ምንባሩ ጸኒሔ ኢየ ተረዲኤ፡ ሓቅኻ ክትብሉኒ ወይ ተጋጊኻ ነቲ ድሕሪ ፍሽኽ ምባሉ ዝቀጸለ ዘረብኡ ረኣዩ፡

.......ሳዋ ማለት`ኮ ዓሙ(ኣያይ)ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ማለት`ዩ እዚ ኸኣ ኣብ ኩሉ ዓለም ዘሎን ዘይጽላእን`ዩ ....’ ምስ በለ ነቲ ኣብ መንጎ ሳዋን ወተሃደራዊ ኣገልግሎትን ኣሎ ዝብሎ ፍልልይ፡ (ኣረዳዳኣይ) ክገልጸሉ`ዶ ትም ክብል ገና ከይወሰንኩ ዘረብኡ ብምቅጻል" ..... እቲ ንዓይ ኣብ ሃገረይ ክቅመጥ ኢለ ክሓስብ ዘይገብረኒ ጉዳይ ሃገረይ ን20 ዓመት ዝኣክል፥ብሓደ ሰብ ትምራሕ ዓዲ ምኺና`ዩ" በለ`ሞ ፍሽኽ ኢለ፥ብመልሱ ክሓስብ እንከለኹ ኣብዚ ንሱ ዘሎዎ

ዕድመ እንከለኹ ኣነን ካልኦት መሳቶይን ኮይና ካብዚ ብዝጸዓቀ ፖሎቲካ ኣብ ክበባት (YMCA) ንመያየጥ ምንባርናን ንሜዳ ክንወጽእ ትንዕ ትንዕ ንብለሉ ዝነበርና ዕድመ ምኽኑን ዘኪረ ድሕሪ ሕጂ ምስ መንእሰያት ክመያየጥ እንከለኹ ካብቲ ምስ ዓበይቲ ዝገብሮ ጥንቃቄ ዘይውሕድ ጥንቃቄ ክገብር ከምዘሎኒ ተረዳእኩ።

ብፍላይ ዓበይ`ቲ ቆልዑ ኣብ ዝበዙሑሉ ዘመን!!!

A.A.Hafiz 2/3/2012 (119)